# ሳዋ

ሳዋ ክልተ ፊደልኪ ጥዑም ስም ብእውነት
ትችዓተ ውሉድኪ ሓቖፍኪ ብእምነት
ትነግርዮም እናበልኪ ኣሕዋት እኹም ሓድነት
ኣብ ውሽጥኹም የለን ዝፈላሊ ሽርክነት።

ኣባኺ ወገን ዓሌት ጾታነት የብሉን ቦታ
ትህኪት ሕንቃቖ ስንፍነት ጠፊኣ ሞይታ
ኩሉ ክነግደኪ ይጽበ ብሃንቀውታ
ሳው ኣደ ምዕባለ ኣደ ሓቀኛ ዛንታ።

ካባኺ ዘይፍለ ዱልዱል ብጻይነት
ብንኡሱ ክፈልጦ ክብሪ ዜግነት
ኣብ ከርሲኺ ይቖጽል ጅግንነት
ታሪኽኪ ነባሪ'ዩ ሃገራዊ ሰነድ።

ሳዋ መዓስከሪኪ ዘይተፍርዮ እንታይ
ሓኪም መሃንድስ መምህር ሓረስታይ
ምዕብልቲ ኤርትራ ናይ ጽባሕ ሃናጻይ
ምህርትኺ ይሕፈስ ኣብ መወዳእታ ጁላይ።

ገለ እንተፈተኑ ስምኪ ንምድዋን
ተመሲሎም እንተመጹ ኣዳም ወይ ሒዋን
ሕብሮም እንተቐያየሩ ኣብ ዝተፈለየ እዋን
ሚዛኖም ፎኲሶም ኣብ ሃገራዊ ሚዛን።

መንእሰይ ኤርትራ ኣይትዘንግዕ ዋላ እንተመረረ
ኣሎ ልቢ ሰብ ዝስሕብ ምዕራባዊ ወረ
ሓድነትና ንምዝራግ ቀደም ዝጀመረ
ዘይኣምኑ ሰብ ምኺኑ ማዕረ።

ሳዋ ሕላገት ጽንዓት ኣደ ጅግንነት
ኣባኺ ይርከብ ጻዕሪ ተበልሓትነት
መንእሰይ ተፍልጥዮ ሃገራዊ ሓላፍነት
ድኽመት ትውግዲ ብዘይ ነሓፍነት።

ዕጥቂ ተዕጥቒ ዕጥቂ ሓቂ

ፍልጠትኪ ትልግሲ ብዘይ ብቂ

ተቐርቢ ንደቅኺ በብዓይነቱ ስንቂ

ካብ ሉል ዝምረጽ ካብ ወርቂ።

ሳዋ ኣሎ ብዙሕ ናትኪ ዘይተነግረ

መንእሰይ ተንቅሒ ተዕጥቒ ናይ ጅግንነት ስረ

ተባዕታይ ኣንስተይቲ ተሰልፊ ማዕረ ማዕረ

የሎን ኣብ ውሽጥኺ ካብ ፍልጠት ጾሙ ዝሓደረ።

ኣባኺ ዝተተኸለ ፈልሲ ይህብ በብዓይነቱ ፍረ

ይስጉም ንቕድሚት ዊዒሉ ምስ ሓደረ

ነቲ ዕረ ዝብሉዎ ኣብ ማዓር እናቐየረ

መን ኣሎ ባኣኺ ዘይተዓረ።

ሳዋ ንስኺ ተፍርይዮም ደቅኺ

ጀጋኑ ተጸዊዖም ሰብ ስረ ባኺ

ተቐቢሎም ፍልጠት ሕድሪ ካባኺ

ኣብ ተግባር ኣውዒሎሞ ሪኢኺ ብዓይንኺ።

ካብ ቀዳማይ ዙርያ ክሳብ ሕጂ ዘሎ

ወራስ ሕድሪ ውላድ ይካኣሎ

ንጸላእቱ የእቱዩሎም ሶሎሎ

ብጽፍሩ ሃገር ይሃንጽ ኣሎ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ነቶም

ከም ሽምዓ መኺኾም

ብርሃን ዝሃቡና ሰማእታትና

ዓወት ንሓፋሽ።